# ዳግመ-ምምስራሕ ኣብ እነካይደሉ ግዜ፡
# ኩልና ዕዉታት ንኸውን




**ንመጠቕለሊ ወይ ጋዜጣ ንዳግመ-ምምስራሕ ኣብ እትእክብሉ ኩሉ ግዜ፡ ናይቲ ክኸውን ዘለዎ ዓቢ ነገር መጀመርታኡ እዩ።**

ናይ ቀደም መኽደኒ (ባሊቃ) ጥርሙዝ፡ ንኣካላት ማካይን ናብ ዝኸውን ሓድሽ ቀጻላ ሜታል (ዚንጎ) ክቕየር ይኽእል እዩ። ጥርሑ ባኮ መሕጸቢ ሳሙና፡ ንኣብነት ሓድሽ ሳጹን ሳእኒ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ትማሊ ጋዜጣ፡ ቀንዲ ዜናታት ዝሓዘ ናይ ጽባሕ ጋዜጣ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንጥረ-ነገራት ተፈጥሮ፡ ዳግማይ ኣብ ኣገልግሎት ከምዝውዕል ብምግባር፡ ብዙሕ ጸዓት ከምዝዕቀብ ይኸውን። ከምዚ ብምግባር፡ እንቕመጠላ ዝበለጸት ዓለም ንኽንፈጥር ኩልና ንሕግዝ ኣሎና።

## ዳግመ-ምምስራሕ

ሓድሽ መጠቕለሊታት ወይ ሓድሽ ፍርያት ንምፍራይ ተባሂሉ ዳግመ-ምምስራሕ ንኽካየደሉ፡ እተኣከበ መጠቕለሊታትን ጋዜጣታትን ይወሰድ። ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊታት፡ ንኣብነት ኣስባስላታት፡ ባዞ ተኽልን ናይ ፕላስቲክ ሳንጣታትን ንምሕጻብ ዜገልግል ማተርያላዊ እትዋት ክኸውን ይኽእል። ናይ ቬትሮ መትሓዚታትን ናይ ወረቐት መጠቕለሊታትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ካልእ ዓይነት መጠቕለሊታት ይኸውን። ናይ ሜታል መትሓዚታት፡ ደንደላ ሓጺን ክኸውን ይኽእል፣ ናይ ቀደም ጋዜጣታት ድማ ወረቐት ክሽነ ወይ ዝሕተም ጋዜጣ ክኸውን ይኽእል።

## ሓላፍነት ኣፍራዪ ትካል

ኣብ ስዊድን፡ ሓላፍነት ኣፍራዪ ትካል ተባሂሉ ዝጽዋዕ መምርሒ ኣሎና። እዚ፡ እቶም ንመጠቕለሊታትን ጋዜጣታትን ዘመስርሓ ወይ ዝሸጣ ኩባንያታት፡ ንፍርያተን ንኽእኸመስርሓን ሓላፍነት ኣለወን ማለት እዩ። ኣብ Förpacknings- och Tidningsinsamlingen, FTI ድማ ኣብ ክንዲ'ዘን ኩባንያታት ኴንና ንሰርሕ። ዳግማይ ከምዝምስራሕ ንኽትገብሩን ንኣከባብያዊ ጥቕምታት ዳግመ-ምምስራሕ ድማ ብዝያዳ ንኽትርብሕሉን ንዓኹም ዝቐለለ ክኸውን ንደሊ። በዚ ጉዳይ'ዚ ዕዉታት ንኽትኮኑ ግን ንዓኹም ክንሕግዝ የድልየና እዩ።

## መደበራት ዳግመ-ምምስራሕ

FTI፡ ኣብ መላእ ስዊድን ዝርከባ ሰራሕተኛታት ንዘይብለን ኩለን መደበራት ዳግመ-ምምስራሕ ብሓላፍነት ዝኣሊ እዩ። እዚ፡ ንጋዜጣታትን ብፕላስቲክ፡ ወረቐት፡ ሜታልን ቬትሮን እተሰርሐ መትሓዚታትን ዳግማይ ንኽምስራሕ እትወስድሉ ቦታታት እዩ። ነቑጣ ኮማዊ ዳግመ-ምምስራሕ ኣብ ዘለዎ ብሎክ ኣፓርትማ ትቕመጡ እንተ ዄንኩም፡ ንዘለኩም መጠቕለሊታትን ጋዜጣታትን ናብዚ ቦታ ክትወስዱ ይግባእ።

## ዝያዳ ሓበሬታ

ኣብ www.ftiab.se/find a recycling station፡ ኣብ ጥቓኹም ዘሎ መደበር ዳግመ-ምምስራሕ ኣበይ ከምዝርከብ ክትፈልጡን እቲ ረስሓት ከምእተጓሕፈን ከምዝጻረይን ከተረጋግጹን ትኽእሉ። ብዛዕባ ምፍልላይ ጕሓፍ ዚምልከት መመርሒታት፣ ቪድዮታት ዳግመ-ምምስራሕ፣ ሓጋዚ ነጥብታትን ምኽርን ከምኡውን ንትካልና ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ዳግመ-ምምስራሕ ጋዜጣታትን መጠቕለሊታትን ዝምልከት ዝኾነ ሕቶታት ምስዝህልወኩም፡ ናብ **kontakt@ftiab.se** ኢመይል ብምግባር ወይ ናብ **0200 88 03 11** ብምድዋል ብኽብረትኩም ተወከሱና። ብዛዕባ ገዘፍቲ ጐሓፍ፡ ዝበስበሰ ጐሓፍ፡ ኤለትሪካዊ ጐሓፍ ወይ ካልእ ዓይነት ጐሓፍ ዚምልከት ሕቶታት ምስዝህልወኩም፡ ብኽብረትኩም ኣብ ከባቢኹም ንዘሎ በዓል-መዚ ተወከሱ ወይ ኣብ www.sopor.nu ዝያዳ ሓበሬታ ኣንብቡ።

# ፈላሊኹም

## ጕሓፉ

ብዝተኻእለ መጠን ንብዙሕ ጕሓፍ ዳግም ከነመስርሖ መታን ኽንክእል፡ ናትኩም ሓገዝ የድልየና እዩ። መጠቕለሊታት፡ ምሉእ ብምሉእ ጥርሑ ኽትገብርዎን ከተንቅጽዎን ይግባእ። ካብ ሓደ ዓይነት ንላዕሊ ነገር እተዳለወ መጠቕለሊ ምስዝህልወኩም፡ በቲ ዝበዝሐ ክፋሉ እተዳለወሉ ዓይነት ንጥረ-ነገር ርኢኹም ፈሊኹም ጕሓፍዎ። የቐንየልና።



### ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊ

ንኣብነት፥ ናይ ፕላስቲክ ጥርሙዝ፡ ታኒካታት፡ ናይ ፕላስቲክ ሳንጣታት፡ ዝምላእ መዐሸጊ፡ ናይ ፕላስቲክ ብልቓጥ፡ ቆራዕራዕ ዝብል መትሓዚታትን ስትርዮፎምን።

- ✓ ንመወተፊታትን መኽደንን እለይዎ። እተፈላለየ ዓይነታት ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊ ንዘለዎ ሳንጣኹም፡ ኣብ ነፍስወከፉ ኽጕሓፈሉ ዘለዎ ፍሉይ መትሓዚታት ጕሓፍዎ። እዚ፡ ነቲ ድሕሩ ዝካየድ ክፋል ዳግመ-ምምስራሕ የቕልሎ።
- ✗ መጠቕለሊታት ዘይኮነ ካልእ ናይ ፕላስቲክ ፍርያት፡ ንኣብነት ኣቑሑ ገዛን ባምቡላታትን ዝኾነ ጕሓፍ፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጕሓፍ ተፈልዩ ኽጕሓፍ ይግባእ። ተመላሲ ጠራሙዝ፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ።



### ናይ ወረቕት መጠቕለሊ

ንኣብነት፥ ባኮ ፓስታ፡ ካርቶናት ጸባን ጽማቑን፡ ናይ ወረቕት ሳንጣታት፡ ሳጹን ሳእኒ፡ ቱቦ መጠቕለሊ ወረቕት ንጽሕና ከምኡውን ብካርቱን እተሰርሐ ሳጹናት።

- ✓ ሰጥ ኣቢልኩም፡ ኣብ ክልተ ዕጸፍዎ። ቦታ ንምዕቃብ ድማ ነቲ ንኣሽቱ መጠቕለሊ ኣብ ውሽጢ ዓቢ መጠቕለሊ ኣእትውዎ።
- ✗ ጶስጣታት፡ ከም ጕሓፍ ገዛ ወይ ኽቓጸል ዝኽእል ጕሓፍ ተቐጺሩ ከምዝፍለ ክኸውን ይግባእ። ጋዜጣታት፡ መዋዕውዒ በራሪ-ወረቐትን ከምኡ ዝኣመሰለን፡ ኣብቲ ንጋዜጣታት ንምጕሓፍ እተዳለወ መትሓዚ ከምዝዋሀለል ክኸውን ይግባእ።



### ናይ ሜታል መትሓዚ

ንኣብነት፥ መትሓዚ ታኒካታት፡ ጥርሑ መንጸጊ ታኒካታት፡ መወተፊ ጥርሙዛት፡ መኽደኒታትን ጥርሑ ናይ ቀለም ታኒካታትን።

- ✓ ንበላሕቲ መኽደናት ኣብ መትሓዚ ታኒካታት ኣእትውዎ። ነቲ መወተፊ/መኽደኒ ኣብቲ ብልቓጣት ከምዝጸንሕ ግበሩ።
- ✗ ተረፍ ቀለም ወይ መጣበቒ (ኮላ) ዘለዎ ታኒካታት፡ ከም ሓደገኛ ጕሓፍ ተወሲዱ ኽፍላለ ይግባእ። ናይ ሜታል ጕሓፍ፡ ክፋላት ሻምብቆታት፡ መብሰሊ ባዴላታትን ዘይተሸፈነ ካልእ ፍርያታትን፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጕሓፍ ተቖጺሩ ተፈላሊዩ ኽጕሓፍ ይግባእ። ተመላሲ ታኒካታት፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ።



### ናይ ቬትሮ መትሓዚ

ንኣብነት፥ ሕብራዊ ወይ ዘይሕብራዊ ናይ ቬትሮ ጠራሙዛትን ብልቓጣትን።

- ✓ መወተፊ፡ መኽደንን ባሊቃታትን ብምእላይ፡ ኣብቲ መጕሓፊኡ ተፈላሊዩ ከምዝጕሓፍ ክኸውን ይግባእ። ንሕብራውን ዘይሕብራውን ናይ ቬትሮ መትሓዚ፡ ኣብቲ ኽጕሓፈሉ ዘለዎ መትሓዚ ከምዝጕሓፍ ግበሩ።
- ✗ ተመላሲ ጠራሙዝ፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ። ዝበሰለ ካይላ፡ ሰራሚክስን መትሓዚ ኣብ ዘይብሉ ካልእ ፍርያትን፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጕሓፍ ተቖጺሩ ተፈላልዩ ኽጕሓፍ ይግባእ። ፈኵስ ኣምፑላትን ሻምብቆ መብራህትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብቲ እትቕመጥሉ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘለውዎ ማእከል ዳግመ-ምምስራሕ ክውሰድ ይግባእ።



### ጋዜጣታት

ንኣብነት፥ መዓልታውን ሰሙናውን ጋዜጣታት፡ መጽሔታት፡ ካታሎጋት፡ መዋዕውዒ በራሪ-ወረቐት፡ መዘክርታትን መጽሓፊ/ናይ ስእሊ ወረቐት።

- ✓ ነቲ ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊታትን ተጣባቒ መዋዕውዒታትን እለይዎ።
- ✗ ጶስጣታትን እተጠርነፈ መጽሓፍትን፡ ከም ናይ ገዛ ጕሓፍ ወይ ኽቓጸል ዝኽእል ጕሓፍ ተቖጺሩ ተፈላልዩ ይጕሓፍ። ናይ ወረቐት ሳንጣታት፡ ካርቶናትን ንዕኡ ዝመሳሰል ነገራትን፡ ናይ ወረቐት መጠቕለሊ ንኽጕሓፈሉ ኣብ እተዳለወሉ መትሓዚ ከምዝውህለል ኽግበር ይግባእ።